ኣቦና ኣዳምን ኣዴና ሄዋንን ብዝገበርዎ ሓጥያት ካብ ገነት ምስወጹ እግዚኣብሄር ዝሃቦ ተስፋ ካብ ጓል ጓልካ ተወሊደ ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልትን ፈረቓን ከድሕነካ'የ ዝብል ነበረ! ከምቲ ሃዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ዝምህረና ኣብ ቅድሚ ጕይታ ሓደ መዓልቲ ከም ሽሕ ዓመት ሽሕ ዓመት ከም ሓደ መዓልቲ'ዩ ዝብለና ሓሙሽተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዓመታት ምስሓለፈ ከምቲ ነቢየ እግዚኣብሄር ኢሳያስ ኣብ ትንቢቱ እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ ኢሉ ዝተነበዮ ቅዱስ ገብርኤል ብስራታዊ ናብ ኣዴና ድንግል ማርያም ተላኢኹ መስ ኣበሰራ ከምቲ ዝበለቶ ከይኑ <u>ብ 29 መጋቢት ጽንሰት</u> ጎይታና ኮነ ድሕሪ ትሽዓተ ወርሕን ሓሙሽተ መዓልትን ክኣ <u>ብ 29 ታሕሳስ ተወልደ!!</u> ኣብ 30 ዓመቱ ብ ዮሃንስ ተጠሚቑ ንሰለስተ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን እናምሃረን ትኣምራት እናገበረን ኣምላኽነቱ ገሊጹ!!

ብ ሰንበት 22 መጋቢት (ሆሳእና) ን ኢዮርሳሌም ምስደየበ ኢዮርሳሌም ተናወጸት፡ ቀንኣት ኣይሁድ ፈሪሳውያንን ጸሓፍቲ ሕግን ረቡዕ 25 መጋቢት ኣብ ቤት ቀያፋ ተኣከቡ ንኽሕዝዎ ኽኣ ወሰኑ! ሓሙስ 26 መጋቢት ጎይታ ድራር ፋሲካ ባሪኹ ኣእጋር ሃዋርያት ሐጺቡ ናብ ጌተ ሰማኔ ምስወጹ ይሁዳ ኣስቆረታዊ ዝመርሖም ጭፍራ መጺኦም ሓዝዎ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝበሎ ብፍቓዱ እምበር ብሓይሎም ኣይኮኑን! ከምቲ ዮሃንስ ኣብ ወንጌሉ ዝገለጸልና ንመን ትደልዩ ኣለኹም፧... ክሳብ ዓርቢ 27 ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞይቱ ኢሎም ጎዱኑ ብኹናት ወጊኦም ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ነይሩ ክሳብ ዝብሉ ዝነበረ ውርደት ሓሊፉ ቀዳም 28 ኣብ መቓብር ፍርቂ ለይቲ ምስኮነ ግን ትንሳኤ ኾይኑ እቲ ዘይመውት ሞተ! ከምዝተባህለ ዘይመውት ስለዝኾነ ሰንበት <u>29 መጋቢት ትንሳኤ ክርስቶስ ኮነ!!</u> ስለ ዝኾነ ኽኣ ቀዳም ናብ ሰንበት ዘውግሕ ፍርቂ ለይቲ ክርስትያን ክርስቶስ ትንሳኤ እሙታን በ ዐቢይ ሐይል ወስልጣን ኣሰሮ ለሰይጣን ኣግኣዞ ለኣዳም.... እናበል መስቀል ይሳለም!!!

29 በዐለ እግዚኣብሄር ማለት እምብኣር ክንድዝን ንመጻኢ ዝግለጽን ክብሪ ዝሓዘት ዕለት እያ!!

ነዚ ንኽንፈልጥ ዝፈቐደ እግዚኣብሄር ይመስገን!!

ጾምና ብሰላም የፈጽመና!